# ንምፍላጥ ዝኣክል




እዚ ስእሉ ኣብዚ ትርእይዎ ዘለኹም ጆርጅ ሰሮስ ይብሃል። ኣዚዩ ካብ መጠን ንላዕሊ ብገንዘብ ዝዀበበ ውልቀ ሰብ ኢዩ። መጻሓፍቲ ይጽሕፍ ኢዩ። ኣነ ቅድሚ ሕጂ ዘንበብክዋ መጽሓፉ ኣብዚ ግዜ ከኣ ደጊመ የንብባ ኣሎኹ። እቲኣ መጽሓፍ ኦፐን ሶሳይትይ ትብል። ቅድሚ ሕጂ ዘንበብክዋ መጽሓፉ ሕጂ ክደግማ ዝሰሓበኒ ኩነታት ከኣ ኣብ ዓለምና ዝኸሰት ኩነታት ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ኢዱ ስለዝሕውስ ኩነታት ንምክትታል ክሕግዘኒ ብማለት ኢየ።

እዚ ውልቀሰብ'ዚ ገንዘብ ኣብ ምኽዕባት ኢዩ ዝኣምን። ብገንዘቡ ከኣ ዓለምና ኣብ ናይ ግሎባል ምኽዕባት ርእሰማል ንምምዕባል ይሰርሕ። ኣብ ሓደሓደ ሃገራት ዝተራእየ ናዕብታት፣ ለዊጢ ንኽፉት ሕብረተሰብ፣ ምምዕባል ርእሰ ማል ዝብሎ ተሳቲፉ ኢዩ። ብሚልዮናት ዶላር ብምውፋር ኣብ ናይ ቀደም ሕብረትሰቪየት ምብትታን ኢድ ኔርዎ። እዚ ብሓምላይ፣ ብሮዝ፣ ብብጫ ካልእን ዝፍለጥ ናዕብታት ብቐጥታ ገንዘቡ ብምውፋር ተሳቲፉ ኢዩ። ነዚ ከይሓነኸ፣ እሞ ኸኣ ብትምክሕቲ ኣብ መጽሓፉ ልዕል ኢሉ ተጠቒሱ ዘሎ ኣስፍርዎ ኣሎ። ነቲ ዝገበሮ ተግባራት ከምዝኾርዓሉን ከምዝምክሓሉን ከኣ ይገልጽ።

ንምኻኑ ብኸመይ ኣገባብ ኢዩ ኣብ ናዕብታት ዝሳተፍ? ዝብል ሕቶ ክልዓል ቅኑዕ ኢዩ። ገንዘብ ብምውፋር ነቲኦም ናዕብታት ክመርሑን ኣብ ምዕራፉ ከብጽሑ ይኽእሉ እዮም ዝብሎም ውልቀሰባት ብቐጥታ ደሞዝ ኢዩ ዝኸፍሎም። ነቲ ዝደልይዎ ንጥፈታት ዝሕግዞም ናውትን ጥረ ገንዘብን ይምውሎም። እቲኦም ናዕበኛታት ከይተሰከፉ ንኣዋርሕ ይኹን ንዓመታት ናዕብታቶም ክውድቡን ከንቀሳቕስን የኽእሎም። ኢንተርነት፣ ሞባይል ስለክታት ቀንዲ መዋስኢ ተግባራቱ ኢዮም። ነዚ ይጠቕሙ እዮም ዝብሎም ናይ ኢንተርነት ወቤ ሳይታት ይምውል።

ተቓውምቲ ሓይልታት ዘድልዮም ኣኼባታትን መሳጢ ዝኾነ ሰሚናራት ከካይዱ ኣሎ ዝብሃል ዘመናዊ መሳርሒታት ይሕግዞም። ነቲ ኣኼባታት ዝውድቡ ፍሉያት ሰብ ደሞዝ ውልቀሰባት ይቖጽር። ኣብ

ሓንቲ ሃገር ናዕበኛታት እቲ እሱ ዝደልዮ ለዊጢ ከምጽኡ ዝሕግዞም ኣብ ወሽጢ ሃገር ሃሱሳት ይዓስብ። በዚ ከኣ ዝተወሃሃደ ናዕቢ ይውድብ።

ናይዚ ውልቀሰብ ተግባራት ብዝበለጸ ንምርዳእ መጽሓፉ ምንባብ ይምረጽ። ኣብ ሃገርና ኤርትራ ከምዚኦም ዓይነት ውልቀሰባት ከስዕብዎ ዝኽእሎ ሓደጋታት ብምርዳእ ብእዋኑ ክንነቕሓሉን ዝኾነ ውዳቤታት ናይ ተቓወምቲ ኢና ዝብሉ ውድባትን ወቤሳይታትን ብኸመይ ይምወሉ ምፍላጡ ኣገዳሲ ኢዩ። ዝኾነ ብውሽጣዊ ዓቕሚ ዝውደብን ብወጻእተኛታት ዝውደብን ፈልና ኽንፈልጥ ይግባእ። እቲ ብውሽጣዊ ዓቕሚ ዝውደብ ምስ መንግስትና ዘቀራርብ ኩነታት ኽንፈጥር ናይ ክሉ ሰናይ ንሃገረ ኤርትራ ዝደሊ ሓላፍነት ኢዩ። ካብዚ ወጻኢ ግን ብወጻእተኛታት እንዳተመወሉ መንግስትናን ሃገርናን ናይ ብዓል ጆርጅ ሰሮስ መፈተኒ ስነሓሳባቶም ወይ ከኣ ላባራቶሪ ናይ ፍልስፍናታቶም ኽትከውን ዝዕሰቡ ብምስዓብ ሃገርና ግዳይ ከይትኸውን ክንዝንግዕ የብልናን።

ጆርጅ ሰሮስ እንታይ ኢዩ ረብሓታቱ? ኣብ ምሉእ ዓለም ነቲ ንዑዑ ዝጠቅም ናይ ርእሰ ማል መኻዕበቲ ዝኸውን ባይታ ምጥጣሕ ኢዩ። ካፒታል ኣብ ምሉእ ዓለም ኽንቀሳቐስ ኣለዎ ዝብል እምነት ኣለዎ። ገንዘብ ብኸመይ ይርከብ ናይ ነዊሕ ዓመታት ተሞክሮ ኣለዎ። ብዝበለጸ ክረብሕ እንተኾይኑ ናይ ሃገራት ልኡላዊነት ኽጎድል ኣለዎ ኣብ ክንዲኢ እቲ ሕብረተሰብ ክፉት ክከውን ኣለዎ ኢዩ ዝብል።

ኩሉ ግዜ ምስ መንግስትናን ሕዝብናን ኮይና እቲ ንዓናን ንሃገርና ዝሓይሽ ብውሽጣዊ ዓቕምና ጥራሕ ከነማዕብሎ ይግባእ።